ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መሰረታዊ ማሕበር ሕብረት ስራሕ ዕቋርን ልቓሕን ፋና መናእሰይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ፅሬት መሳርሒ ፣ ሕትመት ፣ ኣቑሑት ቢሮ ፣ ኤሌክትሮኒክስን መለዋወጢ ኣቑሑት ተሸከርካርትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 17, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 30, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ እዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 30, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ግልፂ ጨረታ

ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መሰረታዊ ማሕበር ሕብረት ስራሕ ዕቋርን ልቓሕን ፋና መናእሰይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ፅሬት መሳርሒ ፣ ሕትመት ፣ ኣቑሑት ቢሮ ፣ ኤሌክትሮኒክስን መለዋወጢ ኣቑሑት ተሸከርካርትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ኣብዚ ጨረታ ከትወዳደሩ እትደልዩ ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ዋና ቤት ፅሕፈት ፋና መናእሰይ ብምውሳድ ንኽትወዳደሩ ንዕድም።

ተደለይቲ ረቓሒታት

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ፣ T ሰርተፊኬት ፣VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ ቅድሚ እዚ ምልከታ ጨረታ ምውፃኡ ዝነበረ ወርሒ ባጥ ዲከለር ዝገበረሉ ሰነድ ድከላሬሽንን መቕረባይነት ሰርተፊኬትን ከቕርብ ዝኽእል፤

2. ተጫረቲ ንሕድ ሕድ ዝስዕቡ ሎታት መኽበሪ ጨረታ ውሕስና ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

■ ንቕረብ ፅሕፈት መሳርሒ FY/G/STA//7 -ሎት ዐ፣ ብር 30,000 (ሰላሳ ሽሕ ብር)

■ ንቕረብ ፅሬት ኣቕሑ FY/G/HYM//2017 - ሎት 02 - ብር 10,000 (ዓሰርተ ሽሕ ብር)

■ ንቕረብ ሕትመት FY/G/PR//2017 - ሎት 03 – ብር 36,000 (ሰላሳን ሽድሽተን ሽሕ ብር)

■ ንመለዋወጢ ኣቕሑት ተሸከርካሪ FY/G/OLS//2017 - ሎት o4 - ብር 17,500 (ዓሰርተ ሸውዓተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእቲን)

■ ንኣቑሑት ቢሮ FY/G/OFE//2017 - ሎት o5 – ብር 150,000 (ሚኢቲን ሓምሳን ሽሕ ብር)

■ ንኤሌክትሮኒክስ FY/G/CEE//2017 - ሎት o6 - ብር 300,ooo (ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ብር)

3. ኣብዚ ምልከታ ጨረታ ቁፅሪ “2” ንዝተጠቀሱ ሎታት ጎኒ ዝተቐመጡ መጠን ግምት ውሕስና ዝትክእ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ (CPO) ብሽም ሓላፍነቱ ዝተወሰነ መሰረታዊ ማሕበር ሕብረት ስራሕ ዕቋርን ልቓሕን ፋና መናእሰይ ኣስሪሑም ምስ ዝተመልአ ሰነድ ጨረታ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ወይ ብጥረ-ገንዘብ ናብ ማሕበር ኣታዊ ክገብሩ ዝኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

4. ኣብ መወዳደሪ ሰነድ ጨረታኦም ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ሙሉእ ሽምን ኣድራሻን ተጫራቲ ትካል ወይ ውልቀሰብ ዝሓዘ፣ ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ሰነድ ጨረታ ማህተምን ፊርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

5. ተጫራቲ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፀኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ስዓት ስራሕ ዘይምለስ ብር 200.00 (ክልተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይኽእል፣

6. ተጫረቲ ዝገዝእዎ ሰነድ ጨረታ ቴከኒካልን ፋይናንሻልን ብዝግባእ መሊኦም ዋና(ኦርጅናል)ን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ዓሺጎም ኣብ ሕድ ሕድ ፖስታ ሽም ተጫራቲ፣ ማሕተም፣ ኣድራሻ፣ ፊርማ፣ ኦርጅናልን ኮፒን ዝብል ብንፁር ብምፅሓፍ ከቕርቡ ኣለዎም፤

7. ጨረታ ዕለት 30/04/2017 ዓ/ም ልከዕ ሰዓት 8፡00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዝተረኸቡሉ ስዓት 8፡30 ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበርና ይኸፈት።

8. ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራቲ ንዘሸነፎ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዚ ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት ከቅርብ ዝኸእል፤

9. ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራቲ መኽበሪ ውዕሊ ኣትሒዙ ውዕሊ ጨረታ ንከኣስር ፍቓደኛ ዝኸውን፤

10. ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ውድድር ጨረታ ወፃኢ ብምግባር ንቐፃሊ ውን ኣብ ጨረታ ከይሳተፉ ከም ዝግበርን ክፈልጡ ይግባእ።

11. ማሕበርና ጨረታ ድሕሪ ምከፋቱ 20% ናይ ምውሳኽን ምንካይን መሰል ኣለዎ።

12. ማሕበርና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

13. ኣድራሻና መቐለ ኣብ ህንፃ መንፈሳዊ ኮሌጅ ከሳቴ ብርሃን 2' ደብሪ

14. ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብ ሰዓት ስራሕ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል።

ኣድራሻ፡ ፖ.ሳ.ቁ 1493፣ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ፣ መቐለ፣ ትግራይ “ዕቋር ፋና መናእሰይ ንዘላቒ ኢንቨስትመንት!

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle